# ምልባዕ ናይ ኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ከመይ ጌርካ ከም ዝዕገት

## ነብስኹምን ካልኦትን ሓልዉ

እቲ ንኩሉ ሰብ ዝወሃብ መምርሒ ብኮሮና ቫይረስ (ኮቪድ-19) ናይ ምትሓዝን ናብ ካልኦት ምትሕልላፍን ሓደጋ ምቕናስ እዩ። ነዞም ስጉምትታት እዚኦም ብምትግባር፣ ንነብስኹምን ንቤተሰብኩምን ነቲ ማሕበረሰብ ኣብ ምሕላው ክትሕግዙ ኢኹም።

ኮቪድ-19 ክህልወኩም፣ ምልክት ግን ከይህልወኩም ይከኣል እዩ። ፍኹስ ዝበለ ምልክታት እንተልዩኩም ወይውን ጨሪሹ ዋላሓደ ምልክት እንተዘይብልኩም ኮቪድ-19 ንካልኦት ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።

እቲ ቀንዲ ኮቪድ-19 ዝመሓላለፈሉ መገዲ ምስ ዝተለኽፈ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ ምግባር እዩ። ሓደ ብኮቪድ-19 ዝተታሓዘ ሰብ ከተንፍስ፣ ክዛረብ፣ ክስዕል እንከሎ ወይ ክሕንጥሾ ክብል እንከሎ፣ ኮቪድ-19 ዘስዕብ ቫይረስ ዝሸከሙ ኣዝዮም ንኡስ ኣካላት (ጠብታትን ሃፋን) ይሰድድ። እዞም ናእሽቱ ኣካላት እዚኦም ብመገዲ ምስትንፋስ ብኻልእ ሰብ ይውሰዱ።

ዝተለኽፉ ሰባት ኣብ ጥቓኦም ክስዕሉ ወይ ሕንጥሽ ክብሉ እንከለዉ ወይ ክትንክፉዎ እንከለዉ ጸፍሒታትን ንብረታትን ብኮቪድ-19 ክብከሉ ይኽእሉ እዮም።

ኮቪድ-19 እንተልዩኩም፣ ነቲ ቫይረስ ናብ ኣፍሕታት፣ ናይ ገዛ ኣቕሑት፣ ኮፍ መበሊ ሰደቓን ወይ ናይ ማዕጾ መትሓዝን ተመሓላልፍሉ ሓደጋ ኣሎ። እቲ ብድሕሪኡ ነዚ ጸፍሒ እዚ ዝትንክፍ ሰብ ክልከፍ ይኽእል እዩ።

ዋላ'ውን ካብ ካልኦት ሰባት ክትርሕቁ እንተፈተንኩም፣ ምስቲ ቫይረስ ናይ ምትንኻፍ ሓደጋ ከተወግዱዎ ውሕስነት የብልኩምን። ኩሉ ግዜ ንኩሎም ነቶም ኣብዚ መምርሒ እዚ ዝርከቡ ስጉምትታት እንተስዓብኩም፣ ዋላ ደሓን እንዳተሰማዐኩም፣ ናይ ኮቪድ-19 ምልባዕ ከተወግዱ ትኽእሉ ኢኹም። ምስ ሓደ ብዓይኒ ሕክምና ንሓደጋ ዝተቓለዐ ሰብ ትነብሩ እንተሊኹም፣ እዚ ጉዳይ እዚ ብፍሉይ ኣገዳሲ እዩ።

## ርሕቀትኩም ሓልዉ

ካልኦት ዝርከቡሉ ቦታታት ቅድሚ ምብጻሕኩም ወይ ምሳኹም ምስ ዘይነብሩ ሰባት ምርኻብኩም፣ ኮቪድ-19 ናይ ምሓዝ ወይ ናብ ካልእ ሰብ ምምሕልላፍ ሓደጋ ኣብ ግምት ከተእትዉ ይግባእ። ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነ ኩነታት ስለዘየሎ፣ ናይ ኮቪድ-19 ምልባዕ ንምቕናስን ድሕነት ናይ ስድራቤትኩምን ኣዕሩኽቱኹምን ንምውሓስን፣ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብሩ ይግባእ፡

- ምሳኹም ካብ ዘይበሩን ኣብቲ ናትኩም ናይ ደገፍ መርበብ ዘየለዉን፣ እንተወሓደ ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ሓልዉ።
- ቁጽሪ ናይቶም ትረኽቡዎም ሰባትን ትራኸቡ ግዜን ኣውሕዱ

Withdrawn 19 July 2021

- ማሕበራዊ ርሕቀት ምሕላው ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ብዙሕ ሰብ ኣብ ዝርከበሉ ከባቢታት ተሕልፉዎ ግዜ ኣውሕዱዎ
- ምሳኹም ምስ ዘይነብርሩ ሰባት ብቐጥታን ገጽ ንገጽ ምርኻብን ኣወግዱ
- ካብ ናብ ገዛኹም ዝበጽሕ ንኣብነት ንጽሬት ወይ ዘዐርይ ናይ ኣገዳሲ ስራሕ ሰራሕተኛ እንተወሓደ ክልተ ሜትሮ ርሓቑ

ስድራቤትን ኣዕሩኽን ትረኽቡ እንተሊኹም፣ ዋላ'ውን ደሓን እንተሊኹም ክትጥንቀቑ ይግበኣኩም። ፍኹስ ዝበለ ምልክታት እንተልዩኩም ወይውን ጨሪሹ ዋላሓደ ምልክት እንተዘይብልኩም ኮቪድ-19 ንካልኦት ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።

ገሊኦም ሰባት ብኮቪድ-19 ንክሓሙ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንሓደጋ ዝተቓለዑ ምኳኖም ዘክሩ፣ ዝኾነ ርክብ ድማ ንዓኣቶም ዓቢ ሓደጋ እዩ። ንኣብነት [ብዓይኒ ሕክምና ንሓደጋ ዝተቓለዑ](#) ሰባት ወይ እቶም ክታበት ዘይወሰዱ

ብዛዕባ [ምስ ስድራቤትን ኣዕሩኽን ምርካብ](#) ዝምልከት ተወሳኺ መምርሒ ኣሎ።

Withdrawn 19 July 2021

## ስለምንታይ እዩ ናይ ድሕነት ርሕቀት ምሕላው ኣገዳሲ ዝኸውን

ኮቪድ-19 ብቐንዱ ኣብ መንጎ እቶም ናይ ቀረባ ርክብ ዘለዎም ሰባት እዩ ዝስፍሕፋሕ (ኣብ ውሽጢ 2 ሜትሮ)። ዝነወሐ ግዜ ዝጸንሕ ናይ ቀረባ ርክብ ናይ ሓደጋ ዕድል ይውስኽ እዩ፣ ኮቪድ-19 ግን ዋላ ሓጺር ግዜ ኣብ ዝወስድ ርክብ ይመሓላለፍ እዩ

ካብ ካልኦት ሰባት ርሕቀት ዝያዳ ብምሕላው፣ ንዝወሓደ ግዜ ድማ ምስ ኣቶም ብምርኻብ፣ ብኮቪድ-19 ንክተሓዙን ናብ ካልኦት ንከተሓላልፉ ዘሎ ዕድል ይንኪ እዩ። ናይ ቀረባ ርክብ፣ እንተላይ ምትሕቝቛፍ፣ ኮቪድ-19 ናይ ምስፍሕፋሕ ሓደጋ ይውስኾ እዩ።

## መሰራታዊ ናይ ጽሬት ልምዲ ዘክሩ

ኣብይ ኣለኹም ወይ እንታይ ትገብሩ ኣለኹም ብዘየገድስ፣ መሰረታዊ ናይ ጽሬት ልምዲ ምትብግባር ንዓኹም ንካልኣትን ካብ ኮቪድ-19 ኣብ ምሕላው ይሕግዝ እዩ። እዚኣቶም ድማ፡

- ኣእዳውኩም ምሕጻብ
- ከባቢኹም ምጽራይ
- ክትስዕሉ እንከለኹምን ሕንጥሾ ክትብሉ እንከለኹምን ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ምሽፋን

### ኣእዳውኩም ምሕጻብ

እኣዳውኩም ብሳምናን ብማይን ተሓጸቡ ወይ ድማ ንሙሉእ መዓልቲ ሳኒታይዘር ብቐጻሊ ተጠቐሙ። ድሕሪ ምስዓል፣ ሕንጥሾ ምባል፣ ኣፍንጫኹም ምጽራይ ከምኡውን መግቢ ቅድሚ ምብላዕን ምሓዝን ኣእዳውኩም ተሓጸቡ። ካልኦት ሰባት ዝተንከፍዎም ከም መትሓዚ፣ መደገፊ ኢድ፣ ናይ መብራህቲ መወልዒ ከምኡውን ክሽነን ባኞን ዝኣመሰሉ ናይ ሓባር ቦታታት ድሕሪ ምትንካፍኩም ኣእዳውኩም ተሓጸቡ። ካብ ገዛ ክትወጹ ናይ ግድን እንተኾይኑ፣ ምልስ ምስ በልኩም ኣእዳውኩም ተሓጸቡ።

ክከኣል እንከሎ፣ ኣዕንትኹም፣ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ካብ ምትንካፍ ተቖጠቡ። ገጽኩም ክትትንከፉ እንተደኣ ደሊኹም (ንኣብነት መሸፈኒ ገጽ ክትገብሩን ክተልግሱን) ቅድሚኡን ድሕሪኡን ኣእዳውኩም ተሓጸቡ ወይ ሳኒታይዘር ተጠቀሙ።

### ስለምንታይ እዩ ኢድ ምሕጻብ ኣገዳሲ ዝኾነ

ኣእዳው ብዙሕ ጸፍሕታት ይትንከፉ፣ ስለዝኾነ ድማ ብቫይረስ ክልከፉ ይኽእሉ እዮም። ሓንሳብ ምስ ተለኸፉ፣ ኣእዳው ነቲ ቫይረስ ናብ ኣዕንትኹም፣ ኣፍንጫኹምን ኣፍኩምን ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ካብኡ እቲ ቫይረስ ኣብ ሰውነትኩም ክኣቱን መልከፍቲ ከስዕብን ይኽእል እዩ።

ብኮቪድ-19 እንደኣ ተለኺፍኩም፣ ነቲ ቫይረስ ብኣፍንጫኹም ብኣፍኩምን (ክትስዕሉ ወይ ክትዛረቡ እንከለኹም) ናብ ኣእዳውኩም ከተመሓላልፍዎን ነቶም ጸፍሕታት ክትለኽፉዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ኣእዳውኩም ምሕጻብን ሳኒታይዘር ምግባርን ቫይረስን ካልእ ጀርምታትን የልቦስ፣ ብኸምዚ ድማ ገጽኩም ብምትንካፍ ክትልከፉ ዘሎ ዕድል ጸቢብ እዩ። ማይን ሳምናን ምጥቃም ኣእዳው ንምጽራይ እቲ ዝሓሸ ኣገባብ እዩ፣ ብፍላይ ድማ ርኡይ ርስሓት እንተሊዩዎም። ናይ ኢድ ሳኒታይዘር ዝጥቀም ሳምናን ማይን እንተ ዘይተረኺቡ እዩ።

## ከባቢኹም ምጽራይ

ኩሉ ግዜ ጸፍሕታት ኣጽርዩ። ከም መትሓዚ፣ ናይ ማብራህቲ መወልዒ ወይ ናይ ስራሕ ጸፍሕታትን ናይ ኤሌክትሮኒክ መሳርሒታትን ዝኣመሰሉ ብቐጻሊ ንዝትንከፉ ጸፍሕታት ፍሉይ ኣተኩሮ ሃቡ።

ተሪር ጸፍሒ፣ ባይታ፣ መንበር፣ መትሓዝ ማዕጾ፣ መናብር፣ መትሓዝ ማዕጾታት ናይ ጽሬት ኣቕሑትን ንምጽራይ ዝስንዶ ጨርቂ፣ ዝጥቕለል ወረቐት ወይ ዝስንዶ ርእሲ መወልወሊ ተጠቐሙ። ዝኾነ ዝተጠቀምኩምሉ ጨርቂ፣ ዝጥቕለል ወረቐት ወይ ርእሲ መወልወሊ ምስቲ ናይ ኩሉ ግዜ ጎሓፍ ክድርበ ይኽእል እዩ።

ገዛኹም ንምጽራይ እቲ ኣብ ገዛ ትጥቀሙሉ ናይ ጽሬት ፈሳሲ ክትጥቀሙ ይከኣል እዩ። ብዛዕባ ጽሬትን ኣብ ኣፍደገ ገዛኹም ዝርከብ ጎሓፍ ንምውጋድ ሓበሬታ ኣሎ።

### ከባቢኹም ምጽራይ ኣድላዪ ዝኾነ ንምንታይ እዩ

ኮቪድ-19 ብመገዲ ናእሽቱ ነጠብታ፣ ሃፋን ቀጥታዊ ርክብን ይስፍሕፋሕ። ዝተለኸፉ ሰባት ኣብ ጥቓኦም ክስዕሉ ወይ ሕንጥሾ ክብሉ እንከለዉ ወይ ክትንክፉዎ እንከለዉ፣ ጸፍሕታትን ንብረታትን ብኮቪድ-19 ክብከሉ ይኽእሉ እዮም።

ጸፍሒ ተንኪፎም ብድሕሪኡ ዓይኖም፣ ኣፍንጭኦምን ኣፎምን እንተደኣ ተንኪፎም፣ ኣብ ጸፍሒ ዝርከብ ቫይረስ ካልእ ሰብ ክለክፍ ይኽእል እዩ። ጸፍሕታት ምጽራይ ንመጠን መልከፍቲ ይቕንስ፣ ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ዝርገሐ ናይ ቫይረስ ይቕንስ።

ጽሬት እንደኣ ኣዘውቲርኩም፣ ንስኹም ወይን ካልኦት ሰባት ክይተለኸፍኩም እንከለኹም ካብቶም ዝተለኸፉ ጸፍሕታት ቫይረስ ናይ ምውጋድ ዕድላት ክብ ይብሉ። ምዝርጋሕ እድላት ከተወግዱ ዓቢ ዕድል ኣሎ

Withdrawn 19 July 2021

# ክትስዕሉ እንክለኹም ሕንጥሾ ክትብሉ እንክለኹም ኣፍጫኹምን ኣፍኩምን ሸፍኑ

ክትስዕሉ እንክለኹምን ሕንጥሾ ክትብሉ እንክለኹም ተጠቒምካ ብዝስንዶ መንዲል ወረቐት ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ሸፍኑ።

መንዲል ወረቐት እንተዘይብልኩም፣ ኣብ ኢድኩም ዘይኮነ ኣብ ብርኪ ኢድኩም ሰዓሉ ወይ ሕንጥሾ በሉ።

ነቲ መንዲል ወረቐት ኣብ ጎሓፍ ሰንዲኹም ብቐጽበት ኣእዳውኩም ተሓጸቡ።

### ክትስዕሉ እንክለኹምን ሕንጥሾ ክትብሉ እንክለኹም ስለምንታይ ኢኹም ኣፍጫኹምን ኣፍኩምን ትሸፍኑ

ምስዓልን ሕንጥሾ ምባልን ካብ ሓደ ሰብ ዝኸዱ ናይ ነጠብታትን ሃፋን ተተሓሒዙ ዝጎዓዝዎ ርሕቀትን፣ ኣብ ኣየር ዝጸንሑሉ ግዜንይውስኽ።

ዝተለኽፈ ሰብ ከይተሸፈነ ክስዕል ወይ ሕንጥሾ ክብል እንከሎ፣ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ሰባት ናይ ምልካፍ ዕድላት ክብ ይብሉ።

ኣፍኩምን ኣፍንጫኹምን ብምሽፋን፣ ዝርገሐ ናይቶም ቫይረስ ዝሸከሙ ነጠብታትን ሃፋን ትቕንሱ።

ኣብ ገዛኹም ናይ ኮቪድ ሓደጋ ንምቕናስ፣ ኣብዚ [ካብ ጀርም ምክልኻል](#) ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ናይ ገጽ መሸፈኒ ተጠቐሙ

ገለ ብሕጊ [ናይ ገጽ መሸፈኒ ክትገብሩ ትግደዱሎም ቦታታት](#) ኣለዉ።

ብተወሳኺ ሓደ ሰብ ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ምሕላው ከቢድ ኣብ ዝኾነሉ ዕጹው ቦታታትን ምስ ካልኦት ብልምዲ ዘይትራኽቡዎም ሰባት ብቐረባ ክትራኸቡ ትኽእሉሉ ኩነታትን ናይ ገጽ መሸፈኒ ክትገብሩ ይግበኣኩም።

ኣብ ገለ ኩነታን ገለ ናይ ገጽ መሸፈኒ ምግባር ከይከኣል ይኽእል ወይ ንገሊኦም [ሕድገት](#) ዝተገበረሎም ሰባት ናይ ገጽ መሸፈኒ ምግባር ዘይከኣል ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ብኽብረትኩም ከምዚ ዓይነት ኩነታት ኣብዘጋጥመሉ ኣስተውዕሉን ኣኽብሩን።

## ስለምንታይ እዩ ናይ ገጽ መሸፈኒ ምግባር ኣድላዪ ዝኸውን

ኮቪድ-19 ብመገዲ እቲ ዝተለኽፈ ሰብ ከተንፍስ፣ ክዛረብ፣ ክስዕል ወይ ሕንጥሾ ክብል እንለሎ ዝሰዶም ነጠብታታትን ሃፋን ብኣየር ኣቢሉ ይመሓላለፍ።

እቲ ዝሓሸ ኮይኑ ዝተረኸበ ሳይንሳዊ መርትዖ፣ እብ ግብሪ እንተደኣውዒሉ፣ ናይ ገጽ መሸፈኒ ምግባር ንዝርገሐ ናይ ኮቪድ-19 ነጠብታታት ይዓግት፣ እዚ ድማ ንካልኦት ይሕሉ። ናይ ገጽ

Withdrawn 19 July 2021

መሸፈኒ ዋላ ናይቶም ናይ ሕማም ምልክት ኣብ ዘይብሎም ሰባት ከተንፍሱ እንከለዉ ዝስደድ መጠን ናይቲ ናይ ቫይረስ ብምንካይ ምስፍሕፋሕ ይቕንስ።

ናይ ገጽ መሸፈኒ ዝግበረሉ ምኽንያት ንካልኦት ሰባት ካብ ኮቪድ-19 መከላኸሊ ክኸውን ደኣምበር ነቲ ዝተኸደኖ ሰብ ኣይኮነን፣ ማሕበራዊ ርሕቀት ናይ ምሕላውን ኣእዳው ናይ ምሕጻብን መተካእታ ድማ ኣይኮነን።

## ሓድሽ ኣየር ከም ዝኣቱ ግበሩ (ርውሓት)

መእተዊ ኣየር፣ ማዕጾታትን መሳኹትን ብምኽፋት ንገዛኹም ብዙሕ ሓድሽ ኣየር ከምዝኣቱ ግብሩ፣ ወላ ቁሩብን ንሓጺር ግዜን። ኣየር ንደገ ዘውጽእ መርወሓ እንተሊዩኩም (ንኣብነት ኣብ ባኞን ኣብ ክሽነን)፣ ከጥቀመሉ ዝጸነሐ ሰብ ድሕሪ ምውዱኡ ነቲ ማዕጾ ዓጺኹም ካብቲ ካልእ ግዜ ንዝነወሐ ግዜ ኣስርሕዎ።

ኣብ ውሽጢ ስድራቤት ዝተወሸበ ሰብ እንተሊዩ፣ ነቲ ቫይረስ ኣብ ክፍላት ናይቲ ናይ ስድራቤት ገዛ ከዝርጋሕ ዘለዎ ዕድል ንምቕናስ ነቲ ናይ ናቱ ክፍሊ ማዕጾ ዓጺኹም መስኮቱ ከፊትኩም ግደፍዎ። ኣብ ገዛኹም ናይ ጽሬት ወይ ካልእ ስራሕ ክሰርሕ ኢሉ ዝመጸ ሰብ ምስ ሓደ ነቶም መሳኹቲ ጋህ ኣቢልኩም ክፈቱዎም ንሓጺር ግዜ ግደፉዎ።

ናይ ጫውጫውታ፣ ናይ ጸጥታ ወይ ናይ መሞቒ ገዛ ወጻኢ ብዝምልከት ስክፍታ እንተሊዩኩም፣ ነቶም መሳኹቲ ንዝሓጸረ ግዜ እንተ ከፊትኩሞ፣ እዚ ነቲ ናይ ቫይረስ ዝርገሐ ኣብ ምቕናስ ይሕግዝ እዩ። ምዉቕ ክዳን ምኽዳን ወይ ተደራቢ ክዳን ምግባር ሙቐት ክህበኩም ይኽእል እዩ። ዛሕሊ ኣብ ዘእቱ ጥቓ መስኮት ወይ ማዕጾ ኮፍ ምእንቲ ከይትብሉ፣ ንኣቀማምጣ ገዛኹም ክትቅይሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## ስለምንታይ እዩ ሓድሽ ኣየር ከም ዝኣቱ ምግባር ኣገዳሲ ዝኸውን

ሓደ ብኮቪድ-19 ዝተለኸፈ ሰብ ክስዕል፣ ክዛረብ ወይ ከተንፍስ እንከሎ፣ ካልእ ከተንፍሱ እንከለሎ ክወስዶም ዝኽእል ነጠብጣብ ሃፋን ይሰድድ። እቶም ግዝፍ ዝበሉ ነጠብታታት ቀልጢፎም ኣብ ባይታ ክወድቁ እንከለዉ፣ ኮቪድ-19 ዘስዕቡ ቫይረስ ዝተሸከሙ ናእሽቱ ነጠብታታትን ሃፋን ኣብ ውሽጢ ዕጹው ቦታ፣ ብፍላይ ድማ ርውሓት እንተዘየሊዩ ንገለ ግዜ ኣብ ኣየር ተንጠልጢሎም ክጸንሑ ይኽእሉ እዮም።

ርውሓት ነቲ ብዙሓት ሰባት ዘተንፈስዎ ኣየር ካብ ግዳም ብዝኣቱ ሓድሽ ኣየር ናይ ምትካእ መስርሕ እዩ። ሓደ ከባቢ ዝያዳ ርውሐት እንተሊዩዎ፣ ሓድሽ ኣየር ናይ ምስትንፋስ ዝያዳ ዕድል ኣሎ፣ ከምኡ ድማ ክለኽፉ ዝኽእሉ ናእሽቱ ኣካላት ናይ ምስትንፋስ ዝተሓተ ዕድል ኣሎ።

## ናይ ሕማም ምልክታት እንተሊዮሙኹም ተመርመሩ

## ምርመራ ብኸመይ ይርከብ

እቶም ቀንዲ ኣገደስቲ ምልክታት ናይ ኮቪድ-19 እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ሓድሽን ዘየቋርጽን ሰዓል

- ልዑል ረስኒ
- ልሙድ ናይ ምስትምቓርን ምሽታትን (ኣኖስሚያ) ሕዋስኩም ምጥፋእ ወይ ምቕናስ

ገለ ካብዚኦም ምልክታት እንተሊዮምኹም ኣብዚ ብምጥዋቕ ነጻ ናይ ኤን ኤች ኤስ ምርመራ ግበሩ ወይ ከኣ ናብ ኤን ኤች ኤስ 119 ደዊልኩም ንነጻ ናይ ኮቪድ-19 ምርመራ ቆጸራ ሓዙ። ዋላ'ውን ጸረ ኮቪድ-19 ክታበት ወሲድኩም እንተኾንኩም ወይውን ቅድሚ ሕጂ ኮቪድ-19 እንተ ኔርኩም ምርመራ ክትገብሩ ስጉምታት ክትወስዱ ኣለኩም።

## ስለምንታይ እዩ ምርመራ ምግባር ኣድላዪ ዝኾውን

ኣብ ገዛ ምእንቲ ክትኮኑ፣ ክትውሸቡን ካልኦት ሰባት ከይትለኽፉን፣ ኮቪድ-19 ኣለኩም`ዶ የብልኩምን ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ።

ኣወንታዊ ናይ መርመራ ውጽኢት ማለት ኣቐዲምኩም ዝለኸፍኩሞ ሰብ (ኣብ ቀረባ ግዜ ዝረኸብኩሞም ሰባት) ብናይ ክትትል መስርሕ ክርከቡ ይኽእሉ ማለት እዩ (ተ ራኺብኩሞም ዝነበርኩም ሰባት ምርካብ) ከምኡ`ውን ክውሸብ ከምዘለዎ ክንገሩ ይኽእሉ ማለት እዩ። ናይ ኮቪድ-19 ዝርገሐ ንምዕጋት እዚ ተግባር እዚ ኣድላዪ እዩ።

ብድሕሪ ናይ ኮቪድ-19 መልከፍቲ፣ ናይ ሰውነት ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ወይ ናይ ክታበት ክንደየናይ ግዜ ከም ዝጸንሕ ኣይንፈልጥን ኢና፣ ስለዚ ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክታት ዘርኣየ ሰብ ክምርመር ኣለዎ።

# ናይ ኮቪድ-19 ምልክታት እንተርኢኹም ወይ ድማ ተመርሚርኩም ናይ ኮቪድ-19 ውጺትኩም ኣወንታዊ እንተደኣ ኾይኑ ክትውሸቡ ይግባእ

ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ብቐጥታ ተወሸቡ:

- ናይኮቪድ-19 ናይ ሕማም ምልክታት እንተርኢኹም - ክሳብ ተመርሚርኩም ውጽኢት ዝመጻኩም ኣብ ገዛኹም ተወሸቡ።
- ናይ ኮቪድ-19 መርመራኹም ውጽኢት ኣወንታዊ እንተኾይኑ

ናይ ምውሻብ ግዜኹም ኣብቲ ናይ ሕማም ምልክት ዝጀመረሉ (ወይድማ ናይ ሕማም ምልክት እንተዘየሊዩኩም ኣብቲ መርመራ ዝተኻየደሉ) መዓልቲ ይጅምር፣ ብድሕሪኡ ንዘለዉ 10 መዓልታት ከኣ ይቕጽል።

ምውሻብ ማለት ሙሉእ ግዜ ኣብ ገዛ ኮፍ በሉ ከምኡውን ምስ ካልኦት ሰባት ኣይትራኸቡ ማለት እዩ፣ ብዘይካ ኣብ ፍሉይ ኩነታት፣ ንኣብነት ሕክምና ንምድላይ። ። ካልኦት ሰባት ኣስቤዛ ክገብሩልኩም ክትሓቱ የድልየኩም ይኸውን፣ ከምኡውን ንሓደጋ ዝተቓለዑ ሰባት ድጋፍ ትህቡ እንተደኣኔርኩም፣ መተካእታ ክትገብሩሉ ይግባኩም ይኸውን። ናብ ገዛኹም ወይ ናብ ጀርዲንኩምን ኣጋይሽ ኣይትዓድሙ።
ነቶም ናይ ሕማም ምልክታት ዘለዎም ወይ ተመርሚሮም ኮቪድ-19 ዝተረኸቦም ሰባትን ከምኡ`ውን ብዓይኒኢ ሕክምና ንሓደጋ ዝተቓለዑ ወይ ልዕሊ 70 ምስዝኾኑ ሰት ዝነብሩ ተወሳኺ መምርሒታ ኣሎ።

Withdrawn 19 July 2021

## ስለምንታይ እዩ ምውሻብ ኣገዳሲ ዝኸውን

ንክትውሸቡ እንተደኣ ተኣዚዝኩም፣ ነቲ ቫይረስ ናብ ካልኦት ከተመሓላልፍዎ ልዑል ስግኣት ስለዘሎ እዩ፣ እዚ ድማ ዋላ ደሓን እንተሊኹምን ናይ ሕማም ምልክታት እንተዘይሃሊዩኩምን እዩ። ስለዝኾነ ድማ መምርሒታት ምኽታልን ምሉእ ናይ ምውሻብ ግዜ ምትግባርን ኣዝዩ ኣድላዪ ይኸውን።

ተመርሚርኩም ኮቪድ-19 እንተደኣ ተረኺቡኩም፣ ቀልጢፍኩም ን10 መዓልታት ክትውሸቡ ይግባእ፣ ምኽንያቱ እዚ እቲ ቫይረስ ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላልፈሉ ዝኽእል ግዜ እዩ (ናይ ምብካል ግዜ)።

## ኮቪድ-19 ምስ ዘለዎ ሰብ ትነብሩ ወይ ትራኸቡ እንተደኣ ኮይንኩም፣ ተወሸቡ

ኣብዞም ዝስዕቡ ኩነታት ብቐጥታ ተወሸቡ፡

- ተመርሚሩ ኮቪድ-19 ከም ዘለዎ ምስ ዝተፈለጠ ወይ ናይ ሕማም ምልክት ሃሊዎ ተመርሚሩ ናይ ምርመራኡ ውጽኢት ምስ ዝጽበ [ሰብ ትነብሩ](#) እንተደኣኾይንኩም - ናይ ምውሻብ ግዜኹም ነቲ ኣብ ገዛኹም ዝነብር ሰብ መጀመርያ ናይ ሕማም ምልክት ዝተራእኣየሉ መዓልትቲን (ወይ ድማ ናይ ሕማም ምልክት እንተዝኤሩዎ ምርመራ ዝተገበረሉ መዐልቲ) ነቶም ብድሕሪኡ ዘለዉ 10 መዓልታትን የጠቓልል።
- ኣባል ስድራቤትኩም ዘይኮነን ኮቪድ-19 ምስ ዘለዎ ሰብ [ርክብ](#) እንተሊዩኩም - እቲ እትውሸቡሉ ግዜ ነቲ ዝተራኸብኩሙሉ መዓልትን ንኹሎም እቶም 10 መዐልታትን የጠቓልል።

[ምውሻብ](#) ማለት ብዘይካ ንፍሉይ ኩነታት፣ ንኣብነት ሕክምና ንምድላይ፣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣብ ገዛ ክትህልዉን ኣለኩምን፣ ክትወጹ የብልኩምን ማለት እዩ። ናብ ገዛኹምን ናብ ጀርዲንኩምን ኣጋይሽ ኣይትዓድሙ።
ነቶም ኣብ ምውሻብ ዝርከቡ ሰባት ዝኸውን [ናይ ዘሎ መምርሒታት ምውሻብን ክርከብ ዝኽእል ደገፍን](#) ተወሳኺ ሓበሬታ እዩ።

## ስለምንታይ እዩ ኮሮና ቫይረስ ምስ ዘለዎ ሰብ ትንበብሩ እንተደኣ ኮይንኩም ወይ ድማ ናይ ቀረባ ርክብ እንተሊዩኩም ክትውሸቡ ኣገዳሲ ዝኸውን

ምስ ሰብ ርክብ እንተሊኩም (ኣብ ቀረባ እዋን ተመርሚሩ ኮቪድ-19 ከም ዘለዎ ዝተፈለጠ ወይ ምልክታታት ሕማም ዘለዎ ሰብ ናይ ቀረባ ርክብ እንተኤሩኩም)፣ ብድሕርቲ ርክብ ን10 መዓልታት ክትውሸቡ ይግባእ።

ን 10 መዓልታት ክትውሸቡ ይግባእ፣ ምኽንያቱ እዚ ግዜ እዚ እቲ ምስ ተቓላዕኩም ንክትክልከፉ ዝወስዶ ግዜ እዩ (ናይ ምንቓሕ ግዜ)።

ንክትውሸቡ መምርሒ እንተደኣተዋሂቡኩም፣ ብኮቪድ-19 ክትሓሙን ንካልኦት ሰባት ከተመሓላልፉን ዘሎ ሓደጋ ዓቢ ስለ ዝኾነ እዩ፡ እዚ ድማ ዋላ ደሓን እንተለኹምን ምልክታታት እንተዘይብልኩምን ይኸውን። ስለዝኾነ ድማ መምርሒታት ምኽታልን ምሉእ ናይ ምውሻብ ግዜ ምትግባርን ኣዝዩ ኣድላዪ ይኸውን።

Withdrawn 19 July 2021

# ክታበት

ኣብዚ እዋን እዚ ኤን ኤች ኤስ ነቶም ናይ ኮቪድ-19 ሕማም ሓደጋ ብዝለዓለ ከጋጥሞም ዝኽእሉ ሰባት ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ከቕርብ ይርከብ።

ክታበት ተኽእሎ ናይ ከቢድ ሕማም ከምዝቕንሱ ተራእዩ ኣሎ፣ ዝርገሐ ናይ ኮቪድ-19 ጠጠው ከም ዘብሉ ግን ገና ኣይንፈልጥን ኢና።

ዋላ ክታበት ወሲድኩም እንተኾንኩም፣ ኮቪድ-19 ንካልኦት ከተመሓላልፉ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣዕሩኽኩምን ስድራቤትኩምን ማሕበረሰብን ንምሕላው፣ ዋላ ክታበት ወሲድኩም እንተኾንኩም ኩሎም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ መምርሒታት ክትክተሉ ይግባእ።

Withdrawn 19 July 2021